ÖSTERSUNDS KOMMUN

*Tigrinja*

# ጹማቕ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ካልኣይ ደረጃ ምርጬ

ዝተመስረተሉ፡ 2020-09-03



# ቅድሚ ካልኣይ ደረጃ ምምራጽካ ክትሓስበሉ ዘለካ

ምእንቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ጽቡቕ ምርጫ ክትገብር ክትክእል ከም ተመሃራይ **ናይ ምርጫ ብቕዓትካ** ክተማዕብል የድልየካ። ምእንቲ ብድሕሪኡ ሓደ ትምህርቲ ክትውስን ክትክእል፡ ብዛዕባ ከም ንነብስኻ ምልላይን ከምኡ'ውን ኣየኖት ምርጫታት ከምዘለዉን ምፍላጥ ማለት እዩ።

## ኣየኖት ምርጫታት ከምዘለዉ መርምር

ድሕሪ መባእታዊ ትምህርቲ ኣየኖት ኣኽእሎታት ከምዘለው ሓበሬታ ቅሰም። ኣየኖት ትምህርትታት ከምዘለው ከምኡ'ውን ነቶም ትምህርትታት ብምምሃር እንታይ ክትከውን ከምእትኽእል - ግን እቲ ዕዳጋ ስራሕ እውን ከመይ ከምዝመስል።

እዞም ሕቶታት እዚኣቶም እቲ ኣማራጺታት ከመይ ከምዝመስል ሓደ ጽቡቕ ስእሊ ንኽህልወካ ይሕግዙኻ እዮም፡

- ኣንታይ ዓይነት ናይ ካልኣይ ደረጃ መደባት ኣለው?
- ኣብ'ቶ ዝተፈላለዩ መደባት እንታይ እዩ ዝግበር/እንታይ ትሕዝቶ እለዎም?
- ድሕሪ እቶም ዝተፈላልዩ ናይ ካልኣይ ደረጃ መደባት ምስወዳእካ እቲ ዕዳጋ ስራሕ ከመይ ይመስል?
- ድሕሪ እቶም ዝተፈላልዩ ናይ ካልኣይ ደረጃ መደባት ትምህርቲ ንኽትቅጽል እቶም ኣኽእሎታት ከመይ ይመስሉ?

## ነብስኻ ኣለልይ

ምእንቲ ነቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ምርጫ ክትገብር እውን ነብሰፍልጠትን ብነብስኻ ንቕሓትን ክህልወካ ኣለዎ። ንኣብነት ብዞም ዝስዕቡ ምሕሳብ ክኸውን ይኽእል።

- እንታይ እዩ ጽቡቕ ዘሰማዓኒ?
- ኣነ ብምንታይ እየ ንፉዕ?
- እንታይ እዩ ኣገዳሲ ዝብሎ ኣነ?
- ኣየኖት እዮም እቶም ሓያላት ባህርያተይ?

ኣየናይ ትምህርቲ ክሰማማዓካ ከምዝኽእል ድሕሪ ምሕሳብ፡ ከም ተመሃራይ ውሳኔኻ ትውስን፡ እዚ ከኣ ናይ ካልኣይ ደረጃ ምርጫኻ ትገብር ማለት እዩ።

ከም ተመሃራይ ኣብ ናይ መባእታዊ ግዜ ትምህርትኻ ብዛዕባ እዚ ከም ኣካል ናይ ትምህርትን ከምኡ'ውን ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ትምህርትን-ሞያን መራሒ ኾይንካ ደገፍን ታዕሊምን ትወሃብ ኢኻ።

## ምስክር ወረቐትን ክብሪ ብቕዓትን

ኣብ እዋን መባእታዊ ትምህርቲ ክሎም ተመሃሮ ናይ ኩሎም ዓውደ ትምህርትታቶም ነጥቢ ካብ F/ኣፍ - ክሳብ A/ኣ ይውሃቡ እዮም። F/ኣፍ ዘይቅቡል ነጥቢ ክምኡ'ውን E/ኣ፡ D/ደ፡ C/ሰ፡ B/በ፡ A/ኣ ቅቡላት ነጥብታት እዮም። ቅድሚ ናይ ካልኣይ ደረጃ ምርጫኻ እቶም ነጥብታትካ ናብ'ቲ ክትከዶ ትደልይ ትምህርቲ ክትኣቱ ዝሕገዘካ ናብ ክብሪ ብቕዓት ዝበሃል እዮም ዝቕየሩ።

## እቲ ናይ ክብሪ ብቕዓት ብኸምዚ እዩ ዝጽብጸብ

እቲ ናይ ክብሪ ብቕዓትካ ድምር ናይ ኩሎም ነጥብታትክ እዩ፡ ብኻልኣ ኣዘራርባ ኩሎም ነጥብታት ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓውደ ትምህርቲ፡ እቲ ክብሪ ብቕዓት ከምዚ ዝስዕብ ኡይ ዝመስል:

- F/ኣፍ – ዘይቅቡል: 0ነጥቢ
- E/ኣ – ቅቡል: 10ነጥቢ
- D/ደ – ቅቡል: 12,5ነጥቢ
- C/ሰ – ቅቡል: 15ነጥቢ
- B/በ – ቅቡል: 17,5ነጥቢ
- A/ኣ – ቅቡል: 20ነጥቢ

ናብ ካልኣይ ደረጃ ከተመልክት እንኮለኻ እቲ ናይ 9 ክፍሊ ደምዳሚ ምስክር ወረቐትካ (ናይ ጸድያ ወቕቲ ትምህርቲ ነጥቢ) እዩ ዝዝውተር።

## ብቕዓት ምርጫን

ምእንቲ ናብ ናይ **ካልኣይ ደረጃ መደብ** ክትኣቱ ክትክእል ብቕዓት ምህላው የድልየካ። ኣብተን ቀንዲ ዓውደ ትምህርትታት ዝተሓተ ነጥቢ E/ኣ ብምህላው ብቑዕ ትኸውን።

- ቋንቋ ሽወደን/ቋንቋ ሽወደን ከም ካልኣይ ቋንቋ
- ቁጽሪ
- እንግሊዝኛ

ምእንቲ ኣብ ናይ **ሞያ መደብ** ብቕዓት ክህልወካ ብዘይካ ዝተሓተ ነጥቢ E/ኣ ኣብ ቀንዲ ዓውደ ትምህርትታት፡ ኣብ ሓሙሽተ ካልኦት ዓውደ ትምህርታት ነጥቢ E/ኣ የድልየካ። እዚ ከኣ እንተወሓደ 8 ቅቡላት ነጥባታት ማለት እዩ።

ምእንቲ ኣብ **ናይ ኮለጅ/ልዕሊ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ መቀራርቢ** መደብ ብቑዕ ንክትከውን ካብ'ቶም ቀንዲ ዓውደ ትምህርታት ተወሳኺ ኣብ 9 ዓውደ ትምህርትታት እንተወሓደ E/ኣ ክህልወካ የድልየካ። እዚ ከኣ እንተወሓደ 12 ቅቡላት ነጥባታት ማለት እዩ።

ውሱናት መደባት ካብኡ ሓሊፎም ናይ ፍሉያት ዓውደ ትምህርትታት ቅቡል ነጥቢ ይጠልቡ እዮም።

- ናይ NA/ሳይነስ (Natur/ሳይነስ) ክምኡ'ውን TE/ተ (Teknik/ተክኒክ) እውን ናይ ቢዮሎጂ፡ ፊዚክስን ከሚስትሪን ቅቡል ነጥቢ ክህልወካ ኣለዎ።
- ንEK/ኤክ/ቁጠባ SA/ሳ (Samhälle/ሳምህለ/ሶሻል) ክምኡ'ውን HU/ሁ (Humanistisk/ሰብኣዊ) እውን ናይ ታሪኽ፡ ሃይማኖት፡ ናይ ሕብረተሰብኣዊ ፍልጠትን ጀዮግራፍን ቅቡል ነጥቢ የድልይካ።

ናብ ካልኣይ ደረጃ መደብ ከተመልክት ከለኻ ናብ ነፍሲ ወከፍ መደብ ውሱናት ቦታታት እዩ ዘሎ። ስለ'ዚ ኣብ መንጎ እቶም ሓደ ውሱን መደብ ዘመልከቱ ብቕዓት ዘለዎም ተመሃሩ ምርጫ ይካየድ። እዚ ከኣ ናይ ክብሪ ብቕዓት ናይ'ቲ ዘመልከትካዮ ሓደ "ናይ ተራ ቦታ" ይህበካ ክብሃል ይከኣል እዩ።

ብቕዓት ጥራይ ስለዘለካ ናብ'ቲ ዝመረጽካዮ ናይ ካልኣይ ደረጃ መደብ ብቕጽበት ቦታ ትወሃብ ማለት ከምዘይኮነ ክትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ።

## ናይ ትምህርቲ ኣማራጺ

ካልኣይ ደረጃ ብ18 ሃገራውያን መደባት ዝቖመ እዩ፡ 12 ናይ ሞያ መደባት ከምኡ'ውን 6 ናይ ኮለጅ/ልዕሊ ካልኣይ ደረጃ መቀራረቢ መደብ። ነቶም ብቕዓት ዘይብሎም ተመሃሮ ሓደ መቀራረቢ መደብ ኣሎ (IM/መመ)። ካብ'ቶ ናይ ሃገራዊ ትምህርትታት ሓሊፉ ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ መርመራ ሽቶ ከምኡ'ውን ኢB (ኣህጉራዊ ናይ ባችለር ዲግሪ) ዘለዎም ሃገራዊ ምልማለታት ኣለው። ብዛዕባ እቶ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ኣማራጺታት ኣብ ናይ ክፍሊ ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ www.utbildningsguiden.skolverket.se ዝያዳ ኣንብብ።

## ካልኣይ ክፍሊ ቤት ትምህርታት ኣብ'ዚ ኣውራጃ

ኣብ'ዚ ኣውራጃና ክትመርጾም እትኽእል ዝተፈላለዩ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት ኣለው። ብዙሓት ናይ ካልኣይ ደረጃ መደባት ኣብ ሙብዛሕትኦም ቤት ትምህርትታት ኣለው።

እዞም ዝስዕቡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርታት ኣለዉ:

- ናይ የምትላንድ ናይ ካልኣይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበር (JGY/የካደ)። በቶም ኮሙናውያን ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት፡ ካልኣይ ደርጃታትን ውሱን ናይ ዓበይቲ ትምህርትን ኣብ ምሉእ የምትላንድን ዝቖሙ እዮም። እዞም ቤት ትምህርትታት እዚኣቶም ኣብ ውሽጢ JGY/የካደ/ናይ የምትላንድ ናይ ካልኣይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበር ኣለዉ:
  - ቢስፕጎርደን
  - ብረከ
  - ፊርቫላ (ኦስተርሹንድ)
  - ቱርሽታ (ኦስ)
  - ቫርየንቲን (ኦስተርሹንድ)
  - ሾንገን (ነልደን)
  - ኦረ
- ስቱርሾጂምናሴት/ስቱርሾ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ
- ኦስተርሹንድ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ
- ዲለ ጎርድ
- ቤት ትምህርቲ ያልማር ስትሮመር (ኣብ ናይ ስትሮምሱንድ ኮሙን)
- ፊየልጂምናሴት/ፊየል ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ (ኣብ ናይ በርይ ኮሙን)
- ናይ ሀርየዳለን ካልኣይ ደርጃ ቤት ትምህርቲ

ንስኻ ኣብ የምትላንድ/ሀርየዳለን እትቕመጥ ካብ'ዞም ቤት ትምህርቲ እዚኣቶም ኣብ'ቲ ትደልዮ መደብ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እቶም ቤት ትምህርትታትን ብዛዕባ እቶም ክትመሃሮም ትኽእል መደባትን ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ'ቶም ዝምልከቶም ቤት ትምህርትታት መርበብ ሓበሬታ ኢኻ ትረኽቦ።

## ናይ ምትሕብባር ውዕል ካብ'ቲ ኣውራጃ ወጻኢ ትምህርቲ ንኽተመልከት ኣኽእሎ ይህበካ።

ካብ'ዞ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ቤትትምህርታት ሓሊፉ ካብ እዚ ኣውራጃ ወጻኢ ትምህርትታት ከተመልከት እውን ኣኽእሎ ኣለካ። ናይ የምትላንደ ናይ ካልኣ ደረጃ ትምህርቲ ማሕበር ንተመሃሮ ኣብ መንገ እቶም ናይ ኮሙናት ናይ ትምህርቲ ኣማራጺታት ብነጻ ከመልከቱ ዝገብሮም ሓደ ናይ ምትሕብባር ውዕል ዝበሃል ምስ ገለ ካልኦት ኮሙናት ኣለዎ። እዚ እውን ንገለ ውሱናት ናይ ስፖርት ትምህርትታት ይምልከት እዩ። ብዛዕባ ናይ ትምህርቲ ወፈያ ኣብ ኣውራጃ የምትላንድ ከምኡ'ውን እቶም ኣብ ናይ ምትሕብባር ውዕል እቱዋት ዝኾኑ ትምህርትታት ዝያዳ ኣብ www.gyantagningjamtland.se ኣንብብ።

## ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣብ ሸወደን ናብ ካልኣይ ቤት ትምህርቲ ኣመልከት

ከም ተመሃራይ ቤትትምህርትታትን መደብን ኣብ'ዚ ሃገር ኣብ ኩሉ ከተመልከት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ውሱን ኣጋጣሚታት ከም ካልኣይ ኢድ ይቕበሉኻ፡ እዚ ከኣ ቦታ ክህሉ እንከሎ ይቐብሉኻ ማለት እዩ። እንድሕር ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ክትፈልጥ ደሊኻ፡ ምስ እቲ ናይ ትምህርትን-ናይ ሞያን መራሒ ርክብ ግበር።

# እቲ ናይ መመልከቲ መስርሕ ብኸም’ዚ ኣገባብ እዩ ዝሰርሕ

## ኣብ ናይ ጸድያ ወቕቲ ትምህርቲ ኣመልክት

ኣብ’ቲ መጀምርታ ናይ 9ይ ክፍሊ ናይ ጸድያ ወቕቲ ትምህርቲ እዩ እቲ ተመሃራይ ናብ ካልኣይ ደረጃ ዘመልከት። እቲ ተመሃራይ ናብ ደክስተር/Dexter ዘእቱ መእተውን ቃል ሚስጢርን ይወሃብ፡ ንሱ እቲ ተመሃራይ ዘመልከተሉ ስርዓት እዩ። ብድሕሪኡ ነቶም ክትከዶም ትደልይ መደባትን ቤት ትምህርታትን ብኣገባብ ሰሪዕካ እትመርጸሉ እዋን እዩ።
እቲ መመልከቲ ምስተፈጸመ ናብ ናይ ካልኣይ ደረጃ መቐበሊ ይለኣኽ።

## እፈናዊ መልሲ ኣብ ምያዝያ

ኣብ መጀምርያ ናይ ወርሒ ምያዝያ ናይ ኩሎም ዘመልከቱ ኣብ’ቲ ውድድር እቲ ናይ ክብሪ ብቕዓቶም ከመይ ከምዝመስል ክርእይሉ ዝኽእሉሉ ሓደ እፋናዊ መልሲ ይዳለው። ከምኡ’ውን ኣብ’ቲ መመልከቲ ዝመርጽካይዮ ናይ ምቕያር ኣኽእሎ ኣሎ።
እዚ እዋን እዚ ናይ ዳግመ ምርጫ እዋን ተባሂሉ ይጽዋዕ ከምኡ’ውን ከም ንቡር ኣብ መጀመርያ ግንቦት እዩ ዝውዳእ።

## ናይ ምቕባል መልሲ ኣብ መጀምርያ ሓምለ

ድሕሪ እቲ ናይ ዳግመ ምርጫ እዋን ኩሎም እቶም ምርጫታት ዮእለዩ። እተን ቤት ትምህርታት ናይ ኩሎም ተመሃሮ ናይ ነጥብታቶም ደምዳም ጸብጻብ ምስ ኣቕረባ ብመንገዲ ደክስተር/Dexter ገይርካ ናይ ተቐባልነት መልሲ ትወሃብ። ኣብ መጀመርያ ወርሒ ሓምለ እዩ ከም ንቡር ዝፍጸም።

## ንሓደ ቦታ ሕራይ ወይ ኣይፋል ምባል

እቲ ናይ ተቐባልነት መልሲ ምስ መጸ እቲ ተመሃራይ ኣብ Dexter/ደክስተር ኣትዩ ነቲ ዝተወፈየሉ ቦታ ሕራይ ወይ ኣይፋል ይብል።

## ቁጠባ

ናብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትታት ዝተፈላለየ ሓገዛ ኣሎ። ብዛዕባ እዞም ሓገዛት ዝያዳ ኣብ ናይ CSN/ሰኣኣን መርበብ ሓበሬታ www.csn.se ኣንብብ።

ኩሎም 16 ዓመት ዝመልኡ ከምኡ’ውን ኣብ ካልኣይ ደርጃ ብምሉእ ግዜ ዝመሃሩ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ይወሃቡ እዮም። ከም ናይ ቆልዓ ሓገዝ መናውሒ እዩ ዝሰርሕ፡ ግን ኣብ ዓመት 10 ወርሒ ጥራይ እዩ ዝወሃብ። ኣብ ሽወደን ትመሃር እንድሕር ኮይንካም ናይ ሽወደን ዜግነት ኣልቱካን ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ምምልካት ኣየድልየካን እዩ።

ካብ’ቶም ካልኦት ክምልከቱ ዝከኣሉ ሓገዛት፡ ዝያዳ መወሰኽታ፡ ናይ ኣብ’ቲ ዝመሃረሉ ቦታ ዝሓድር ተመሃራይ (ሓዳራይ ተመሃራይ) መወሰኽታ፡ ናይ ተዓላማይ ክፍሊት።

## ናይ ትምህርትን - ናይ ሞያን መራሒ ኣብ እዋን ሕቶታንት ምትሕስሳብን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ

ኣብ ኩሎም ናይ ኦስተርሹንድ ኮሙናውያን መባእታውያን ቤት ትምህርታት ብዛዕባ ኣብ ቀጻሊ ትምህርትኻ ዝትንክፉ ሕቶታት ምምላስ ክሕግዘካ ዝኽእል ናይ ትምህርትን - ናይ ሞያን መራሒ ኣሎ። እቲ ናይ ትምህርትን - ናይ ሞያን መራሒኻ ናይ ርክብ ሓበሬታት ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ናይ ቤት ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታት www.ostersund.se ኣሎ።